ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን تنظيم وحدة الإرتريين

ORGANIZATION OF ERITREAN UNITY

# ውድባዊ መግለጺ

ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን (ውሓኤ) ብምኽንያት ምትሓዝ ከተማ መቐለ ኣመልኪቱ እዚ ዝስዕብ መልእኽቲ የመሓላልፍ፡-

## ዝኸበርካ ህዝቢ ትግራይ!

ጸረ-ህዝቢ ዝኾነ መሪሕነት ጭፍራ ህግደፍ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ቅድሚ ሕጂ ርእይዎ ዘይፈልጥን መዘና ዘይብሉን በደል ኣብ ልዕሊኡ ኣውሪድሉ/የውርደሉ ከኣ ኣሎ። ኣብ ኩሉ መነባብሮ ሂወት ህዝቢ ኤርትራ ኣትዩ ኣድሚይዎ እዩ። እዚ ማለት ኣደንቊርዎ፡ ኣጥምይዎ፡ ኣርዒድዎ፡ በታቲንዎ ከይኣክል ኣደዳ ሞትን ስቅያትን ገይርዎ ከም ዘሎ ንኣኻ ንህዝቢ ትግራይ ስዉር ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ካብ ኤርትራ ሃዲሙ ንዝመጻካ ኤርትራዊ ኩሉ ከኣ መጠነ-ሰፊሕ ዝኾነ ልግሲ ኣርኢኻ ሓብሒብካዮ ኢኻ። ነዚ ልዑል ምስጋና ይግብኣካ'ዩ።

ጭፍራ ህግደፍ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ጥራሕ ከይኣኽሎ ምስ ወጻኢ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ውግኣት እንዳኣእተወ ንህዝቢ ኤርትራ ብደም የላብሶ ከም ዘሎ ትርእዮ ዘለኻ ሓቂ እዩ። ህግደፍ ነጸብራቕ ናይ ኤርትራ ውሽጣዊ ፖሊሲ ተኸቲሉ ንጐረባብትና እንዳ-ዓመጸ ደም ከላብሰና ይርአ ኣሎ። ኣብ ዓለም ንኽትዛረበሉ ብዘሰክፍ መልክዑ ብዱልስ ገበነኛ ከም ዝኸውን ክገብሮ ንርኢ ኣለና። ብፍላይ ኣብ ልዕለኻ ኣብ ልዕሊ ተባዕን ጅግናን ዝኾንካ ህዝቢ ትግራይ፣ ህግደፍ ዘውረዶ ዘሎ መጠን-ሰፊሕ ግፍዒ ንኽትኣምኖ ኣዝዩ ዘሸግር መቕዘፍቲ ዓለም ዝርእዮ ዘሎ እዩ።

ዓጢቑ ንዝገጥም ተዋጋኣይ ክቕትል ክቕተል ንቡር እዩ። እቲ ኣዝዩ ነውራምን ዘይንቡርን ግን ኣብ ልዕሊ ሓፍትኻ፡ ሰበይትኻ፡ ጓልካ፡ ኣደኻ፡ ሓትኖኻ፡ ኣሞኻ ወዘተ ክበጽሕ ዘይትትምነዮ ዓለም ዝምስክሮ ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ትግራዎት ክበጽሕ ተራእዩ እዩ። ብሓፈሽኡ ድማ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ሲቪላዊ ህዝቢ ትግራይ መዳርግቲ ዘይብሉ መቕዘፍቲ፣ ብመራሕቲ ህግደፍ ክወርደካ ሰብ ይዕዘቦ ኣሎ። እዚ ኩሉ ዝግበር ዘሎ በደላት፣ ዕድመ

ስልጣን ሰይጣናዊ ኢሳይያስ ኣፈወርቅን፡ ኲራኹር ደቂ መዛምርቱን ንምንዋሕ ስልጣኖም ጥራሕ ዝዓለመት እያ።

ስለ'ዚ ህዝቢ ትግራይ ብጀጋኑ ደቁ ተመሪሑ፡ ንዝወረዶ መቕዘፍትታት ከይተጻዕደ ብትብዓት መኪቱ ንወረርቱን ዓመጽቱን ብዝግባእ ገጢሙ ክስዕር ንርእዮ ዘለና ሓቂ እዩ። መሪር ዋጋ ከኣ ይኸፍል ኣሎ። እዚ መሰረት ብምግባር **ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን (ውሓኤ)** ንህዝቢ ትግራይን ጀጋኑ ደቁን ዮሃና ብምባል እንቋዕ ሓጐሰኩም ክብል ደስ እንዳበሎ እዩ።

**ክብርና ክምለስ፡ ሓቢርና ንቃለስ!**

**ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ውሓኤ**

**29-06-2021**